መተሓላለፊ ሓበሬታ ብዛዕባ ቅልጡፍ ኣገባብ መርመራ ሕቶ

TIGRINO - ትግርኛ

ሕቶኻ ንኣህጉራዊ ዑቕባ **ብ"ቅልጡፍ" ኣገባብ** ክምርመር እዩ። እዚ ማለት፣ ሕቶኻ ብዝቐልጠፈ ክምርመር፣ ካብቲ ብወግዒ ዝተመዝገበሉ ዕለት ጀሚሩ ድማ **ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ውሳነ ክወሃቦ** እዩ።

ሕቶኻ ካብዞም ዝስዕቡ ኩነታት ኣብ ሓደ ስለ ዝወድቕ፣ ብቅልጡፍ ኣገባብ ክምርመር እዩ።

- ሕቶኻ ብወግዒ ኣብ ዘመዝገብካሉ እዋን፣ ኣህጉራዊ ዑቕባ ንምርካብ ምስ ዝግበር ገምጋም ዝኾነ ይኹን ዝምድና ዘይብሉም ጉዳያት ብምቕራብካ፤
- ብግልጺ ዘይሰማማዕ ወይ ንሓድሕዱ ዝጋጨ፣ ብግልጺ ሓሶት ዝኾነ ወይ ክእመን ዘይክእል፣ ወይ ድማ ምስቲ ብዛዕባ ሃገር መበቆልካ ዘሎ ሓበሬታ ብግልጺ ዝጻረር መግለጺታት ብምሃብካ፤
- ቅቡል ምኽንያት ከተቕርብን ከተረጋግጽን ዕድል እኳ እንተነበረካ፣ ኮነ ኢልካ ነቶም ሕቶኻ ዝምርምሩ ሰበስልጣን ኣታሊልካዮም። እዚ ድማ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ወይ ሰነዳት ብምቕራብ፣ ኣገዳሲ ሓበሬታ፣ ብፍላይ ብዛዕባ መንነትካን ዜግነትካን ዝምልከት ብምሕባእ፣ ወይ ኣገደስቲ ሰነዳት ኮነ ኢልካ ኣበላሺኻ ወይ ከይርከቡ ብምግባርካ፣ እዚ ድማ ንምትላል ብዝዓለመ መንገዲ ብምፍጻምካ፤
- ካብ ግዝኣት ጣልያን ንኽይትጥረዝ፣ ዝተዋህበ ውሳነ ከይፍጸም ንምድንጓይ፣ ንምዕንቃፍ ወይ ንምክልኻል ጥራይ ሕቶ ኣህጉራዊ ዑቕባ ብምቕራብካ፤
- ሃገረ ጣልያን ወይ ሕብረት ኤውሮጳ ከም ውሕስቲ ሃገር መበቆል ካብ ዝቐጽራ ሃገር ብምምጻእካ፤
- ንድሕነት ሃገር ወይ ንህዝባዊ ስርዓት ሓደጋ ከም እትኸውን ዘመልክቱ ጭቡጣት ምኽንያታት ሀልዮም፣ ወይ ድማ ቅድሚ ሕጂ ብኽበድቲ ምኽንያታት ምስ ድሕነት ሃገር ወይ ህዝባዊ ስርዓት ዝተኣሳሰሩ፣ ካብ ሃገር ብምስጓካ፤
- ዳግማይ ዘቕረብካዮ ሕቶ ዑቕባ ንመርመራ ቅቡል ኮይኑ ብምርካቡ፣ እቲ ሕቶ ብምቕራብካ፤
- ብዘይሕጋዊ መንገዲ ናብ ጣልያን ኣቲኻ፣ ወይ ጻንሑትካ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ኣናዊሕካ፣ ብዘይ ቅቡል ምኽንያት ድማ ኣብ ግቡእ ግዜ ኣብ ቅድሚ ዝምልከቶም ሰበስልጣን ኣይቀረብካን፣ ወይ ሕቶ ኣህጉራዊ ዑቕባ ብዝቐልጠፈ ኣየቕረብካን፤
- ብሕጋዊ መንገዲ ናብ ጣልያን ኣቲኻ፣ ብዘይ ቅቡል ምኽንያት ግን ሕቶ ኣህጉራዊ ዑቕባ ብዝቐልጠፈ ኣየቕረብካን፤ እዚ ግን፣ ካብ ሃገር መበቆልካ ድሕሪ ምውጻእካ፣ ኣብ ወጻኢ እናሃለኻ፣ ኣህጉራዊ ዑቕባ ዘድልየካ ኩነታት እንተተፈጢሩ ("*sur place*")፣ ኣይምልከተካን እዩ፤
- ብመሰረት እቲ ዩሮስታት (Eurostat) ንመላእ ሕብረት ኤውሮጳ ዘውጽኦ ዝሓደሰ ዓመታዊ ማእከላይ መረዳእታ፣ ካብ ሃገርካ ንዝመጹ ሓተትቲ ዑቕባ፣ በቶም ሕቶታት ዝምርምሩ ሰበስልጣን ኣህጉራዊ ዑቕባ ዝወሃበሉ መጠን 20% ወይ ትሕቲኡ እዩ። እዚ ማለት፣ ካብ ሃገርካ ካብ ዝመጹ 100 ሓተትቲ ዑቕባ፣ ን20 ወይ ትሕቲኡ ጥራይ ኣህጉራዊ ዑቕባ ይወሃብ ማለት እዩ። ይኹን እምበር፣ ኣብ ሃገር መበቆልካ ዓቢ ለውጢ እንተተፈጢሩ፣ ወይ ፍሉይ ናይ ዑቕባ ድሌታት ካብ ዘለዎም ጉጅለ ሰባት እንተኾይንካ፣ እዚ መለክዒ ኣይምልከተካን እዩ። ኣብዚ ገምጋም እዚ፣ ኣብ መንጎ ውሳነታት ቀዳማይ ደረጃን ናይ መወዳእታ ውሳነታትን ዘለዉ ዓበይቲ ፍልልያት እውን ኣብ ግምት ይኣትዉ።

ሕቶኻ ብቅልጡፍ ኣገባብ ይምርመር እኳ እንተሃለወ፣ **ኮሚሽን ዞባ ኣህጉራዊ ዑቕባ ከድልየካ ዝኽእል ኩሉ ምኽንያታት ኩሉ ግዜ ብምሉእ ክምርምር እዩ።** እቲ ኮሚሽን፣ ሕቶኻ ንምምርማር ዝተሓላለኸን ዝያዳ ግዜ ዘድልዮን ምኺኑ እንተርእዩ፣ ነቲ ኣገባብ ቀይሩ ሕቶኻ ብስሩዕ ኣገባብ ምምርማር ክቕጽል ይኽእል። ኣብ ስሩዕ ኣገባብ፣ ውሳነ ንምሃብ ዝተመደበ ግዜ ዝነውሐ እዩ (ካብቲ ሕቶኻ ብወግዒ ዝተመዝገበሉ ዕለት ጀሚሩ ሽዱሽተ ወርሒ፣ እዚ ግዜ እዚ እውን ክናዋሕ ይኽእል)።

ኣብ መስርሕ መርመራ ሕቶኻ ፍሉይ ሓገዝ ዘድልየካ እንተኾይኑ፣ ኮሚሽን ዞባ ሕቶኻ ኣብ ዝምርመረሉ እዋን ዝግባእ ደገፍ ክህበካ እዩ።

ብፍላይ፣ ፍሉይ ሓለዋን ደገፍን ካብ ዘድልዮም ተኣፈፍቲ ሰባት እንተኾይንካ፣ እዚ ሓገዝ ክወሃበካ ይኽእል። እዚ ድማ **ናይ ኣካል ወይ ኣእምሮ ጥዕና ጸገማት** እንተለዉኻ፣ ገለ ንጥፈታት ብዘይ ናይ ካልእ ሰብ ሓገዝ ባዕልኻ ከይትፍጽም ዝዓግቱኻ **ጸገማት** እንተለዉኻን ወይ **ኣካል ጉድኣት ዘለካ ሰብ** እንተኾይንካ፣ **ስቅያት** ወይ **ከቢድ ስነኣእምሮኣዊ፣ ኣካላዊ፣ ጾታዊ ወይ ኣብ ጾታ ዝተመርኮሰ ዓመጽ** እንተወሪዱካ እዩ። ኣብዞም ኩነታት እዚኣቶም፣ ኮሚሽን ዞባ ሕቶኻ ብቅልጡፍ ኣገባብ ኣብ ዝምርመረሉ እዋን ዘድልየካ ደገፍ ክህበካ ከም ዘይክእል እንተርእዩ፣ **ጉዳይካ ብስሩዕ ኣገባብ ክምርምሮ** ክውስን ይኽእል።

ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ጉጅለታት ኣብ ሓደ እንተትካተት፣ **ነቲ ሕቶኻ ዝምዝግብ ናይ ህዝባዊ ድሕነት ኣካል ብዛዕባ ፍሉይ ድሌታትካ ክትሕብሮ** ኣገዳሲ እዩ። ብተወሳኺ፣ ኣብቲ ሕቶኻ **ብወግዒ ንምምዝጋብ ዝጥቀሞሉ ናይ ኢንተርነት ቅጥዒ፣ ተኣፋፍነትካን ወይ ፍሉይ ድሌታትካን ክትገልጽ፣ ነዞም ፍሉይ ድሌታት ዝምልከቱ ሰነዳት ኣብ ኢድካ እንተለዉ ድማ ከተተሓሕዞም** ኣገዳሲ እዩ። ኣብዞም ኩነታት፣ ኮሚሽን ዞባ ንጉዳይካ ስሩዕ ኣገባብ መርመራ ክጥቀም ክውስን ይኽእል፣ ብዛዕባ እቲ ዝተመርጸ ኣገባብ መርመራ ድማ ክሕብረካ እዩ።

ኮሚሽን ዞባ ሕቶኻ ንኣህጉራዊ ዑቕባ እንተነጺግዎ፣ ንስኻ ድማ እቲ ዝተነድገ ውሳነ ጌጋ እዩ ኢልካ እንተኣሚንካ፣ ናብ ሲቪላዊ ቤት ፍርዲ ይግባይ ናይ ምቕራብ መሰል ኣለካ።

ይግባይ ንምቕራብ ሓገዝ ጠበቓ የድልየካ፣ ብወጻኢ መንግስቲ ነጻ ሕጋዊ ሓገዝ ናይ ምርካብ ተኽእሎ እውን ኣሎ። ይግባይ ንምቕራብ ዘድልዩ ቅድመ ኩነታት፣ ኣብታ ምስዚ መተሓላለፊ ሓበሬታ ብሓባር ዝተዋህበትካ፣ ብዛዕባ ስሩዕ ኣገባብ መርመራ እትገልጽ ንእሽቶ መጽሓፍ በሪሆም ኣለዉ።

ይኹን እምበር፣ ኣብ ጉዳይካ ቅልጡፍ ኣገባብ እንተተጠቒሙ፣ ውሳነ ኮሚሽን ዞባ ካብ ዝተቐበልካሉ ዕለት ጀሚርካ **ኣብ ውሽጢ 7 መዓልታት** ይግባይ ከተቕርብ ኣለካ።

ብተወሳኺ፣ ይግባይ ምቕራብ ጥራይ ኣብ ጣልያን ናይ ምጽናሕ መሰል ኣየረጋግጸልካን እዩ። ጉዳይካ ኣብ ቅድሚ ዳኛ ክርኢ ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን ኣብ ጣልያን ክትጸንሕ እንተደሊኻ፣ ኣብቲ እተቕርቦ ይግባይ፣ ኣብ ጣልያን ክትጸንሕ ፍቓድ ክወሃበካ ብግልጺ ክትሓትት ኣለካ።

እቲ ዳኛ፣ ጉዳይካ ክርኢ ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን ኣብ ጣልያን ናይ ምጽናሕ መሰል እንተለካ፣ **ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት** ክውስን እዩ። ብተወሳኺ፣ እቲ ዳኛ ብዛዕባ ሕቶኻ ንኣህጉራዊ ዑቕባ **ኣብ ውሽጢ 4 ወርሒ** ውሳነ ክህብ እዩ።

ንኹሉ ካልእ ብዛዕባ እቲ ኣገባብ ዝምልከት ሓበሬታ፣ ነታ ምስዚ መተሓላለፊ ሓበሬታ ብሓባር ዝተዋህበትካ፣ ብዛዕባ ስሩዕ ኣገባብ እትገልጽ ንእሽቶ መጽሓፍ ክትውከስ ትኽእል።